ትኬትካ ምግዛእ

ጉዑዞኻ ምርካብ

ምስፋር

ምውራድ



# ንኽትሳፈር እንቋዕ ብድሓን መጻእካ

መወከሲ ጉዑዞ ኣብ ውሽጢ ቫስትማንላንድ

# hope!

እዚ መወከሲ  ናብ ቫስትማንላንድ  ብ ኣውቶቡስ ወይ ብባቡር ብኽመይ ክንከይድ ክምንኽእል ፡ ብኸመይ ከምንከፍል ወይ ክንደይ ዓይነት ትኬት ከምዘሎ  ዝነግር እዩ።

ንናትካን ናይ ካልኦት ውሕስነትን ኣብ ትሳፈረሉ ኣብ ኢድካ ገንዝብ ምሓዝ ኣይድልን እዩ። ንጉዕዞኻ ብዝተፋለለዩ ኣገባባት ተጠቂምካ ትኬት ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ትደልየሉ፡ ብኽብረትካ ኣብዚ ወብስይትና vl.se ወይ ብ **0771-22 40 00** ናብ ቭልስ ካስተመር ሰንተር ኢልካ ደውል።





# ቆጣብነትን፡ ጽሩይን ምቹእን ክሊማ

ካብ መኪናካ ንላዕሊ ህዝባዊ መጓዓዝያ ምምራጽካ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ። ኣብ ነፍሲወከፍ ጉዑዞኻ ገንዘብ ክትቁጥብ ትኽእል። እዚ ማልት ድማ ብዙሕ ገንዘብ ኣብ መሓፉዳኻ ይ ተረፉ ኣሎ ማለት እዩ።

ምስ ክልኦት ምጉዓዝካ ጥዑይ ኣከባቢ ንኽህሉ ኣብርከቶ ትገብር ኣለኻ ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ዝጥቀምሉ ትሑት ንጽገት ይፍጠር፡ እዚ ክኣ ንከባቢን ንጥዕናን ጎዳኢ እዩ። ነቲ ምልውዋጥ ክሊማ ደው ንምባል ሓያል ጻዕሪ የድሊ፡ ኢዚ ክኣ ተሳትፎ ነፍሲ ወከፍ ዝሓትት እዩ። ስለዚ ነተን ኣረግቶት ኣውቶቡሳት ብዘበናውያን ሓደስቲ ብባዩ ጋዛ ዝሰርሓ ኣውቶቡሳት ንትክኦን ኣለና። እቲ ዕላማ ድማ ኣብ 2020 ኩለን ኣውቶብሳትና ባዮ ጋዝ ክመልኣ እየን።

እዚ ባዮ ጋዝ ንመኪናና ዘንቀሳቕስ ካብ ናይ ገዝና ዝጓሓፍናዮ መግቢ፡ ናይ ጥረታት ዘራእቲ፡ ተረፍመረፍ መግቢ ናይ ቤት-መግቢን ወሃብቲ ኣገለግሎትን ተጠቂምና ክነፍርዮ ንኽእል። እዚ ክኣ ንጹህ ኣየር ብምሃብ፡ ነቲ ምምንጫው ናይ ግሪን ሃውዝ ጋዝ የጉዱሎ።

ምስና ምጉዓዝ ናይ ቁጠባን ናይ ክሊማን ብልጫነት ጥራሕ ኣይኮነን ዘለዎ። ከምኡ'ውን ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ናብ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት ወይ ናይ ኣጋ ምሸት ምዝንጋዓት ንምስታፍ ክሳብ ክንደይ ምቹእ ምኺኑ ንኽተለሊ ዝሕግዝ እዩ። ንክትሓስብ ዕድል ዝህብ እውን እዩ።

# ንጉዕዘኻ ምርካብ



## ናብ vl.se ኪድ

ኣብ vl.se ክልቲኡ ማለት፡ ሰለዳታት ጊዜን ናይ ጉዕዞኻ መደባትን ክትረክብ ዝሕገዘካ ነገራት ኣለዋ።

ኣብቲ ምስሊ ናይ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ጉዑዞታት ዘለዎ ጠውቕ፡፡ ብድሕሩ ነዚ ዝስዕብ ኣእትዎ፡

- ካበይ ን ናበይን ክትጓዓዝ ከምትደሊ
- ሰዓት ክንደይ ክትበገስ ወይ ክትበጽሕ ከም ትደሊ

መደብቲ ናይቲ ጉዕዞ ኣየናይ መንገዲ ዝብለጸ ከምዝኾነ ርእይቶታት ክህቡኩም እዮም።

## ናትና ናይ ሞባይል “VL” ኣገባብ ተጠቀም።

ብተውሳኺ ናይ “VL” ሞባይል ተጠቂምካ ናይ ጉዑዞኻ ኣውቶቡስ ክትረክብ ትክእል ኢኻ። ኣብቲ ጉዕዞ መደባት ሰለዳ ግዜ፡ ኣውቶቡስ ደው ትብለሉ ግዜ ከምእውን እታ ኣውቶቡስ ኣበይ ከምትርከብ ክትፍትሽ ትኽእል። ብተወሳኺ እዚ ኣገባብ እዚ ናይ ኣውቶቡስ ትኬት ከግዝኣካ ዝክእል እዩ። ንዝያዳ ኣብ ገጽ 11-12 ኣንብብ።

## ን VL’s ማእከል ዓማዊል ርኽቦም (KundCenter VL)

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህለወካ ኩሉ ግዜ ናብ VL’s ማእከል ዓማዊል ብ 0771-22 40 00 ክትድውል ሰናይ ድልየተና እዩ።

### ብዛዕባ ናይ ባቡር ጉዑዞኻ ተወሳኺ ሓበሬታ ትደሊ`ዶ?

→ resplus.se
→ tim.se
→ sj.se
→ resrobot.se
→ tagibergslagen.se

# ትኬትካ ምግዛእ



## ናይ ትኬት ኣማራጺታት

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ዝያዳ እንታይ ኣመራጺታት ናይ ኣውቶቡሳትን ባቡራትን ትኬት ጉዑዞ ከምዘሎ ክነንብብ ንክእል። ንኩሉ ገያሻይ ዝኸወን ዝተፈላለየ ዓይነት ፍርያት ንገያሾ ከም ዝሰማማዕ ተሰሪሑ።

ምርጫኻ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ግዜ ትኬትካ ካብ ኢድካ ኣይትፈለ።

ብተወሳኺ ንኣውቶቡስ ኣብ እትሳፈረሉ እዋን ብጥረ ገንዘብ ክትከፍል ከመዘይትኽእል ኣብ ዘክር።

እዋናዊ ዋጋታት ከሙእውን ፍርያታት ኣብ vl.se ወይ ብ
0771-22 40 00 ናብ VL's ማእከል ዓሚል ደውልካ ክርከብ ይከኣል።

! ትኬትካ ቅድሚ ኣውቶቡስ ወይ
ባቡር ምስፋርካ ድሉው ግበሮ።

# ብባቡር ምጉዓዝ

ብባቡር ክትጓዓዝ ናይ ጉዕዞ ካርድ (Resekortet) ወይ ፍሉይ ናይ ባቡር ትኬት ክትጥቀም ትክእል። ኣብ VL's ማእከል ዓሚል ፡ ኣብ ኣብ ናይ ቫስተራስ ማኣከላይ ንቕጣ ናይ TiM፡ ናይ SJን ናይ Tåg i Berg-slagenን ክትገዝእ ትኽእል። ናይ VL's ንጽል ቲኬታትን ናይ ጉዕዞ ምወላታትን (reskassa) ንናይ ባቡር ጉዕዞ ቅቡል ከምዘይከውን ዘክር።.

## ካርድ ተጠቒምካ ብኸመይ ትጓዓዝ

VL's ናይ መጓዓዝያ ካርድ ንናይ ነዊሕ ግዜ ምምልላስ ዝተጻዕነ፡ ዘባ ካርድ፡ ናይ መንእሰይ ካርድ ወይ ከኣ ን 10-ጉዕዞ ንጥቀመሉ ብዙሕ መኣኣላ ዘልዎ ናይ መገሻ ካርድ ተጥቂምና ብባቡር ናብ ዝተመረጸ መንገድታት ኣብ ውሽጢ ዘባ ቫስትምላንድ ክንጓዓዘሉ ንኽእል። ተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ጉዑዞ ካርድን ከሙኡውን ነቶም ፍርያት ንምራጽ ኣብ ገጻት 14-17 ከተንብብ ትክ እል ኢኻ ።

ብ ባቡር ኣብ ትጓዓዘሉ፡ ቅድሚ ምስቃልካ እቲ ካርድ ኩሉ ግዜ ግደን ኣብቲ ኣብቲ መሳፈሪ ቦታ ዝረከብ ናይ VL's ኣቶማቲክ ማሽን ክምዝገብ ኣለዎ። ናብቲ ኣቶማቲክ ማሽን ናይ መጓዓዝያ ካርዳኻ ምስ ኣርኣኻ ረሲት ክትቅበል ኢኻ። እቲ ረሲትን ናይ መጓዓዝያ ካርድኻን ኣከል ናይ ትኬትካ ስለዝኾኑ ክልቲኡ ግድን ሓዞ።

ኣብ ባቡራት ኣቲ መጓዓዝያ ካርድ ኣብ ሓደ ጉዑዞ ንሓደ ሰብ ጥራሕ የገለግል።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ባቡር ጉዕዞ ትደሊዶ?**

→ resplus.se → resrobot.se → sj.se → tagibergslagen.se → tim.se

# ብ ኣውቶቡስ ምጉዓዝ

ብ ኣውቶቡስ ትጓዓዝ እንተኾንካ ናይ ንጽል ትኬት ወይ ናይ ጉዑዞ ካርድ (Resekortet) ክትመርጽ ትክእል ኢኻ። ነቲ ካርድ ድማ ብ ምርጫ ፍርያት ወይ ናይ ጉዑዞ ሓገዛትክትከፍሎ ይክኣል እዩ። ዝያዳ ብዛዕባ ናይ ጉዕዞ ካርድ ከምውን ኣየኖት ፍርያት ከምትመርጽ ኣብ ገጻት 14-17 ክተንብብ ትኽእል ኢካ።

## ብንጽል ትኬት ክትጓዓዝ ትደሊ ድኻ?

ናይ ሞባይል ትኬት፡ ንጽል ቲኬት ክሳብ 30 መዓልታት ዘገልግል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣውቶቡስ ዝኽፈል ወይ ብናይ ለቓሕ ካርድ ወይ ናይ ሓገዝ ካርድ ንኽትከፍል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

**ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቫስተራስ ዝካየድ ጉዑዞታት ተወሰኽቲ ኣምራጺታት ክህልዎ ይኽእል እዩ።**

ኣብዚ ወብስያት –www.vl.se/biljetter/vara-biljetter/enkelbiljetter ኣንበብ ወይ ናይ VL ማእከል ዓሚል ብ 0771-22400 ደውል።

## ናይ ሞባይል ትኬት ብመንገዲ "VL" ተጠቂምካ ምግዛእ

ናይ "VL" ኣገባብ፡ ንዓኻ ጉዕዞታትካ ንኽትፍትሽን ናይ ውልቂ ትኬት ንኽትገዝእን ዘተዓጻጽፈካ መንገዲ እዩ። በዚ ከኣ፡ ክኣ፡:

- ሰለዳ ግዜታት ክትረከብ ትኽእል
- ናይ ኣውቶቡስ ድው ትብለሉ ግዝያት ክትርኢ ትክእል ከምውን ብሓጺሩ እታ ኣውቶቡስ ኣበይ ከምዝላ ክትርኢ ትክእል
- ናይ መግዝኢ ጉዑዞ ክትደሊ ትክእል
- ታሪኽ ናይ እቶም ዝዓደካዮም ትኬታት ክትርኢ ትክእል
- ክሊ ክትቅይር፡ እዚ ኣገባብ ምስ ትጥቀም ን ልዕሊ 15 ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዞባታት ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ይህብ።

**!** እዚ “VL” ኣገባብ ነጻ ኮይኑ፡ ኣብ ኣፕስቶር፡ ኣብ ጎጉል ፕለይ ወይ ናይ ዊንድውስ ፎን መዓቀቢ ይርከብ።

## ከምዚ ዝስዕብ ግበር፡

1. ነቲ ናይ “VL”. ኣገባብ ኣውርዶ
2. ናይ ኣከፋፍላ መንገዲ ሓደ ካብ ናይ ዕዳ ካርድን ናይ መግዝኢ ካርድን ወይ ነቲ ቅብሊት ብዘይ ተወሳኺ ክፍሊት ምረጽ። ቅድሚ ቅዳመይቲ ትኬትካ ምግዛእካ ሓንቲ ግዜ ጥራሕ ኢኻ ክትገብሮ ትኽእል። ነቲ ናይ ፋክቱር ኣገለግሎት ክትጥቀም እንተኾንካ ናይ ሽወደን ዜግነት ክህልወካ ኣለዎ። እንትኾነ ግን ኩሎም ወጻእተኛታት ማስተር ካርድ ወይ ቪሳ ካርድ ተጠቂሞም ነቲ ኣገባብ ክትቀምሉ ይካኣል እዩ።
3. 20 ቅድሚ ደቒቕ ምብጋስካ ንመገሻ ትኬት ግዛእ። ነቲ ዝዓደካዮ ትኬት ድማ ኣብ ትሕቲ “ትኬታት” ዝብል ክትረክቦ ኢኻ።

ናይ ምስስግጋር ግዜ ናይ ትኬትካ ብቀጥታ ነቲ ትኬት ክትገዝእ ኣብ ዘምለከትካሉ እዋን ከምዝጅምር ዘክር።

## ንጽል ትኬት ኣብ 30 መዓልትታት ግዛእ

ነቲ ካብ ናይ ምግዛኣ ግዜ ን30 መዓልታት ዘገልግለ ንጽል ትኬት ካብ VL’s ማእከል ዓሚል፡ ካብ VL’s ምሉእ ናይ ኣገልግሎት ወኪልን ካብ ገጻተይን (Mina sidor) ኣብ vl.se ክትገዝኦ ትኽእል። እቲ ትኬት ድማ ኣብ ኣውቶቡስ ኣብ ትሳፈረሉ ወይ ነቲ ኣንባባይ ምስተርዮ ጥራሕ እዩ ዝሕደስ።

እቲ ትኬት ኣብ ዝሕደሰሉ፡ ኣየናይ መንገዲ ከምዝተጠቀምካ ምርኩስ ብምግባር ካብ 1-2.5 ሰዓታት ናይ ምስግጋር ግዜ ኣለዎ። ርግጸኛ ምስዘይትኸውን ነቲ መራሒ መኪና ነታ ትኬትካ እንታይ ከምዘጋጠማ ክትወከሶ ይከኣል እዩ።

ነቲ ትኬት ኣብ ትጥቀመሉ እዋን እቲ ትኬት ተነባቢ ከምዝኾነ ምርግጋጽ ውልቃዊ ሓላፍነትካ ምዃኑ ዘክር።

## ኣብ ኣውቶቡስ ምኽፋል

ኣብ ኣውቶቡስ ንጽል ትኬት ብናይ ልቓሕ ወይ ናይ መግዝኢ ካርዲ ክትገዝእ ይከኣል እዩ። በቲ ናይ መጓዓዝያ ካርድ (Resekortet) ምስትሳፈር ነቲ ናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ተጠቂምካ ክትከፍሎ ይከኣል።

## ምቁጽጻር ትኬት

ክትጓዓዝ ኣብ ትደልየሉ እዋን ብቁዕ ትኬት ተጠቀም። ኣብ ሙሉእ ጉዑዞካ ትኬትካ ካብ ኢዳካ ኣይትፍለዮ። ብባቡር ኣብ ትጓዓዘሉ እዋን ነቲ ትኬትካ ኣብቲ መጸበዪ ቦታ ዝርከብ ናይ VL's ኣውቶማቲክ ማሽን ቅድሚ ምስፋርካ ኣመዝግቦ። ነቲ ቅብሊትካ ኣካል ናይ ትኬትካ ስለዝኮነ ምስቲ ናይ መጓዓዝያ ከርድኻ ብሓባር ሓዞ፡፡ እቲ ተቖጻጻራይ ብቑዕ ዝኮነ ትኬት ምስዘይተርእዮ ተውሳኺ ክፍሊት ክትከፍል ኢኻ። ካርድ ኣብ ዘይመዓልኡ ምውዓል በቲ መራሒ መኪና ወይ ናይ ካርድ ተቖጻጻራይ ካርድኻ ከምትወረስ ይገብር። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ መገሻ ከምዝይተከፍለ እዩ ዝውሰድ።

## ዳጊምካ ምዕዳግ

ዳግም ናይ VL's ፍርያት ከምውን ትኬታት ምግዛእ ኣብ ናይ ድሩት ንውሓት ግዜና፡ ኩነታት ዕድግን መገሻን ኣብ ግምት ኣእትዩ እዩ ዝፍቀድ። ኣብ vl.se ረአ።

# ናይ መገሻ ካርድ (Resekortet)

ናይ መገሻ ካርድ ማዕረ ክንደይ ተጓዒዝካ ወይ ብኣውቶብስ ዲኻ ብባቡር ተጓዒዝካ ብዘየገድስ ጽቡቕ ኣማራጺ እዩ። ነቲ ካርድ ክኣ ካብ ናይ ዓማዊል ማእከል ወይ ካብቲ ዝተፈቐደሉ ወኪል ክትዕድጎ ትኽእል። ከሙኡ ከኣ ብ ናይ ፍርያት ኣማራጺታት ወይ ብናይ መጓዓዝያ ሓገዛት ክትጽዕኖ ይክኣል።

## ምጽዓን ፍርያት

ብዝኾነ ካብ ፍርያትና ምጉዓዝ ካብ ንጽል ትኬት ምጥቃም ይሓስር። ንነፍሲ ወከፍ ናይ መጓዓዝያ ካርድ ንናይ ዕድመ ክሊን ክምኡ'ውን ቅቡል ዝኾነ ቦታን ዝኸውን ናይ ኣማራጺ ፍርያት ክጸዓን ይከኣል። ዝተፈለለዩ ዓይነት ፍርያት ክትጥቀም ምስትደሊ ዝተፍላለየ ናይ መጓዓዝያ ካርድ የድለየካ።

νእንተደኣ እቲ ናይ መጓዓዝያ ካርድኻ ንብዙሕ ናይ ጉዕዞ ካርድታት ክትጽኖ መሪጽካ፡ ዝተወሰነ ቁጽሪ ጉዕዞታት ኣብ ድላይካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ይወሃበካ።

እንተደኣ ነቲ ናይ መገሻ ካርድ ብናይ ግዜ ካርድ ክትገብሮ መሪጽካ ንዝተወሰን ግዜ ከምድልየትካ ክትጓዓዝ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ፍርያት ብዝያዳ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ኣንብብ።

## ምጽዓን ናይ መገሻ ሓገዝ (reskassa)

ናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ብዙሕ ገንዘብ ኮይኑ ኣብ ኣውቶቡስ ኣብ ትሳፈርሉ ንናይ ንጽል ጉዕዞ ክትከፍል ዘኽእል እዩ። ብናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ንውሱን ግዜ፡ መንገዲ፡ ናይ ዕድመ ክፍሊ ክትፍጽመሉ ፈጺሙ ኣይክኣልን እዩ። ናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ንባቡር ጉዑዞታት ኣይትጥቀመሉን ኢኻ።.

## ብዙሓት ሰባት ብሓደ ዓይነት ካርድ ክጓዓዙ ይክእሉ።

ብዙሕ ኣገልግሎት ዘለዎ ካርድ ምስትጽዕን ብዙሓት ሰባት በቲ ናትካ መጓዓዝያ ካርድ (Resekortet) ክጓዓዙ ይኽእሉ። እቶም ገያሾ ኣብቲ ክሊ ዕድመ ክኾኑ ኣለዎም፡ ወይ ክኣ እታ ካርድ ን እኹላት ሰባት ዝተተመነ ዋጋ ዘለዋ ክትከውን ኣለዋ።

ቅድሚ ክትገይሽ ምምዝጋብካ መታን እቲ ትክክል ቅጽሪ ክፍሊት ክወስደልካ፡ ነቲ መራሒ መኪና ሓብሮ። እዚ ንጉዕዞ ብኣውቶቡስ ጥራሕ ይምልከት።

## ንጉዑዞኻ ኣብ እዚ ክትጽዕኖ ትኽእል

- ገጻተይ (Mina sidor) ኣብ vl.se
- VL's ማኣከል ዓሚል ኣብ ማእከላይ ፌርማታ ኣብ ቫስተራስ
- VL's ማእከል ዓማዊል ኣብ ቫሳጋታን ወይ ሙንክጋታን ኣብ ከተማ ቫስተራስ
- VL's ወክልቲ ሙሉእ ኣገልግሎት
- ኣብ ኣውቶቡስ ክፍሊት ካርድ ጥራሕ

# ኣብ ናይ መጓዓዝያ ካርድኻ ትኽክል ፍርያት ጸዓን

እዚ ሰንጠረዥት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣማራጺታት ናይ መንእሰያት፡ ዓበይቲ ከምኡውን ማእከሎት ብብቲ ዕድምኦም ኣገልግሎት ክርከብሉ ዝኽእሉሉ ዘርኢ እዩ።



## መንእሰይ

እዚ ካብ 7 ዓመት ክሳብ ሓደ መዓልቲ መበል 20 ዓመት ዕለተ ልደትካ ዘሎ የመልክት።

| ፍርያት | ብዝሒ ጉዑዞታት | ናይ ምስግጋር ግዜ | ጉዑዞ ኣውቶቡስ | ጉዑዞ ባቡር | ተቀባልነቱ |
|---|---|---|---|---|---|
| ናይ ብዙሕ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 40 ጉዑዞታት | 40 | ሓደ ሰዓት | እወ | ኣይፋል | ኣብ ውሽጢ ዝምረጽካየን ከተማ ኣገልግሎታት* |
| ብዙሕ ናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 10 ጉዑዞ | 10 | 3 ሰዓት | እወ | እወ | ንውሱን መንገዲ ወይ ዞን |
| ናይ ነዊሕ እዋን መመላለሲ ካርድ፡ 30 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ንውሱን መንገዲን ወይ ዞን |
| ናይ ዞባ ካርድ፡ 30 መዓልትታት ወይ 365 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ዞባ ቫስትማንላንድ |
| ካርድ መንእሰይ | 20 | 2 ሰዓት | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ዞባ ቫስትማንላንድ |

*ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ባስተራስ ወይ ኣብ ሓደ ካብ ፋገርስታ፡ ኮቢንግ፡ ኖርበር ወይ ናይ ሳላ ናይ ከተማ ከባቢታት፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ከተማ ኣገልግሎታት ክመልክት ይኽእል።

# እኹላት

ካብ 20 ዝዕድምኦሙ ሊዕሉን ከምልክቱ የመልከት።

| ፍርያት | ብዝሒ ጉዕዞታት | ናይ ምስግጋር ግዜ | ጉዕዞ ኣውቶቡስ | ጉዕዞ ባቡር | ተቀባልነቱ |
|---|---|---|---|---|---|
| ናይ ብዙሕ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 40 ጉዑዞታት | 40 | ሓደ ሰዓት | እወ | ኣይፋል | ኣብ ውሽጢ ዝምረጽካየን ከተማ ኣገልግሎታት* |
| ብዙሕ ናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 10 ጉዑዞ | 10 | 3 ሰዓት | እወ | እወ | ንውሱን መንገዲ ወይ ዞን |
| ናይ ነዊሕ እዋን መመላለሲ ካርድ፡ 30 መዓልትታት ወይ 365 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ንውሱን መንገዲን ወይ ዞን |
| ናይ ዞባ ካርድ፡ 30 መዓልትታት ወይ 365 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ዞባ ቫስትማንላንድ |

# ዓበይቲ

ልዕሊ 65 ዝዕድምኦም ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቫስተራስ ጥራሕ ዝምልከት።

| ፍርያት | ብዝሒ ጉዕዞታት | ናይ ምስግጋር ግዜ | ጉዕዞ ኣውቶቡስ | ጉዕዞ ባቡር | ተቀባልነቱ |
|---|---|---|---|---|---|
| ናይ ብዙሕ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 40 ጉዑዞታት | 40 | ሓደ ሰዓት | እወ | ኣይፋል | ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቫስተራስ |
| ብዙሕ ናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት ካርድ፡ 10 ጉዑዞ | 10 | 3 ሰዓት | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቫስተራስ |
| ናይ ነዊሕ እዋን መመላለሲ ካርድ፡ 30 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ቫስተራስ |
| ናይ ዞባ ካርድ፡ 30 መዓልትታት ወይ 365 መዓልትታት | ንግዚኡ ንዘይተወሰነ እዋን | ዘይውሱን | እወ | እወ | ኣብ ውሽጢ ዞባ ቫስትማንላንድ |

# ገጻተይ (Mina Sidor)

ብመጓዓዝያ ካርድኻ (Resekortet) ኣብ ገጻተይ ማለት ኣብ vl.se ብምምዝጋብ ዝይዳ ረብሓ ክትረክብ ትክእል። ኣብ ገጻተይ ሕሳባት ምኽፋት ኣዝዩ ቀሊልን ስልጥን እዩ፡ ከምኡውን ዝወስደልካ ገንዘብ የብሉን። ካብኡ ንደሓር ነቲ ናይ ጉዕዞ ካርድኻ፡ ኣብቲ ግምጣል ናይታ ካርድ ብዝርከብ ኮድን ቁጽርን ጌርካ ክትምዝገብ ትኽእል። እቲ ገጻተይ ድማ ብሽወደን ጥራሕ እዩ።

## ናይ ጉዕዞ ካርድኻ ኣብ ኦንላይን ምጽዓን

ሓንሳብ እቲ ካርድኻ ኣብ ገጻተይ ምስተመዘገበ፡ ነቲ ካርድኻ ብቐጥታ ካብ ኦንላይን ክትጸዕኖ ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣካውንትኻ ከኣ ኣብ ካርድኻ እንታይ ከምዝተረፈ የርእየካ።

## ውሕስነት ናይ ዝጠፈ ካርድ

እቲ ምዝጉብ ናይ ጉዑዞ ካርድኻ ብተወሳኺ በቲ ውሕሰነት ናይ ዝጠፈአ ካርድ ይሽፈን። እዚ ማለት ከኣ ብመንገዲ ገጻተይ እንተደኣ ዓጺኻዮ፡ ሓድሽ ካርድ ክትረክብ ኢኽእ። ኩሉ ኣብቲ ካርዲ ዝነበረ ነገራት ከም ብሓድሽ ምስ ዓጸኻዮ ደጊሙ ይጸዓን። ይኽእል። ካብ ሳልሳይ ካርዲ ጀሚርካ ግን ናይ ምሕደራ ክፍሊት ክትከፍል ኣለካ። ቅድሚ ሓዲሽ ካርድኻ ምቕባልካ ነቲ ዝተዓጸወ ካርድኻ መዝገብ ክትኣልዮ ከምዘይብልካ ዘክር።

## ሓደ ሕሳብ ዝተፈላለይ ናይመጓዓዝያ ካርድታት

ኣብ ገጻተይ ነቲ ዝተፍላለየ ናይ ጉዕዞ ካርድታት ምስ ናትካ ሕሳብ ከተተኣሳስሮ ትክእል፡ ከምኡዉን ብተወሳኺ ሓባራዊ ናይ መገሻ ሓገዝ ክትጥቀም ትክእል ኢኻ። እዚ ድማ ብዙሕ ካርድ ዘሎካ በዓል ስድራ ምስትኸውን ወይ ከኣ ንባዕልኻ ብዙሕ ካርድታት ዘሎካ ምስትኸውን ንነገራት የቐልሎም።


ኣብዚ ገጻተይ
ክትምዝገብን ሎግ
ኢን ክትገብርን
ትክእል!

# ምእታው





ኣብታ ኣውቶቡስ መቕንታት እንተደኣ ሃልዩም ንውሕስነትካን ንናይ ኻልኦት ውሕስነትን ብኽብረትካ ተጠቀመሎም!

## ቆሉዑ ምሳኻ ምምላእ

ኣኻልብ፡ ደማሙ ካልኦት ነኣሽቲ እንስሳታት ዘቤት ብዘይ ክፍሊት ኣብ ኣውቶቡስ ክስቀሉ ይኽእሉ። ክነሳፍሮም ከለና ግን ኣብ ሰኪዔት ክኣትዉ ኣለዎም። እቶም እንስሳታት ረበሽቲ ምዝኾነ እቲ መራሒ መኪና ክኸልክለካ መሰል ኣለዎ። ነቶም እንስሳታት ሒዞም ዝጓዓዙ ገያሾ ናብ ድሕሪት ናይ ኣውቶቡስ ወይ ከኣ ባቡራት ናብ ዝርከባሉ ቦታታት ንመርሖም።

እቲ ካልእ ዋጋታትን ሕግታትን ኣብ ባቡር`ወን ክትጥቀመሉ ይካኣል። ንሕጎም ዝምልከት ነቲ ዝምልከቶ ካምባኒ ክትወከስ ይካኣል።

## ንሽቶ ሞተረ፡ ዓረብያ ህጻናት፡ ዓረብያ ስንኩላን

ንሽቶ ሞተር፡ ዓረባያ ህጻናት፡ ዓረብያ ስንኩላን ቦታ ምዝህሉ ሰቂልካዮ ክትጓዓዝ ይካኣል ኣዩ። እቲ መራሒ መኪና ድማ እንታይ ከምትጽዕን ክውሰነልካ ይኽእል። መንገዲ ምእንቲ ከይዓጹ ኣብቲ መተሓላለፊ ክትገብሮ የብልካን። ኣብ ሓደ ቦታ ገመድ እንተተረኺቡ ተታሒዞም ወይ ተኣሲሮም ክኸዱ ኣለዎም። ህጻናት ኣብ ነኣሽቱ ሞተር ክግደፉ የብሎምን። ኣብ ጉዕዞ ንቕልዑ ክንከታተሎም ኣለና።.

**VL ምስ ንናይ ሽወደን ማሕበር ህዝባዊ መግዓዝያ ዓረባያ ስንኩላን ዝምእዘዝ እዩ። እዚ ማለት እታ ዓረብያ ኣብ ኣውቶቡስ ክትስቀል፡ ምስ ኣርባዕተ እግራ ዝኾነት፡ ነዞም ዝሰዕቡ ዓቐናትን ክብደትን ዘማልኣትን ምስትኸውን እዩ፡:**

- **ጠቅላላ ንውሓት 120 ሰንቲ ሜተር**
- **ጠቅላላ ጎኒ 70 ሰንቲ ሜተር**
- **ጠቅላላ ክብደት 300 ኪግ፡ ዓረብያን ተጓዓዛይን ዘጠቓልል**

## እንስሳታ ምሳኻ ምምላእ

ኣኻልብ፡ ደማሙ ካልኦት ነኣሽቲ እንስሳታት ዘቤት ብዘይ ክፍሊት ኣብ ኣውቶቡስ ክስቀሉ ይኽእሉ። ክነሳፍሮም ከለና ግን ኣብ ሰኪዔት ክኣትዉ ኣለዎም። እቶም እንስሳታት ረበሽቲ ምዝኾነ እቲ መራሒ መኪና ክኽልክለካ መሰል ኣለዎ። ነቶም እንስሳታት ሒዞም ዝጓዓዙ ገያሾ ናብ ድሕሪት ናይ ኣውቶቡስ ወይ ከኣ ባቡራት ናብ ዝርከባሉ ቦታታት ንመርሖም።

## ኩሉ ሰብ ፍኩስ ክብሎ ኣለዎ

ኣብ ኣውቶቡሳትን ባቡራትን ውሕስነት እቲ ዝለዓለ ቀዳምነት ዝወሃቦ እዩ። በዚ ምኽንያት ኩላትና ግንዛበ ክንገብረሎም ዘድልዩ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ነገራት እውን ኣለዉ።

- ኣብ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ፡ ከምኡ'ወን ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ሽጋራ፡ ኣለኮላዊ መስተ፡ እግርኻ ኣብ ኮፍ መበሊ ምስቃል፡ ክቹነቶ እግሪ፡ ወ ካልእ ኣብ እግሪ ዝገጥም ነገራት ኣይፍቀደን እዩ።.
- ዝሰኸረ ወይ ኣእምሮኡ ዝሰሓተ ሰብ ኣብ ኣውቶቡስ ክስቀል የብሉን።
- ነቲ ኮፍ መበሊ ካባኻ ንላዕሊ ዝደልዮ ዝተጸገመ ሰብ ሃብ።
- ቦርሳኻ ኣብ ገያሾ ከጸግመሉ ዘይክእሉ ቦታ ኣቐምጦ
- ኣብ ኣውቶቡስ ክትበልዕ ትኽእል እንተደኣ ዝኾነ ንጣብ ዘይትሓድግን ንኻልእ ተጓዓዛይ ዘይምቹእ ኣከባቢ ዘይትፈጥርን ኮንኳ ኢኻ።.

ንዝያዳ ደረት ናይ ግዜን ኩነታት ዕድጊ ናይ መገሻን ኣብ vl.se ረአ

## ኣብ ኣእምሮኻ ክሰፍር ዘለዎ

- ጸልማት እንተደኣ ኮይኑ ኣነጸባራቒ ነገር ምጥቃም ጽቡቕ እዩ። እቲ ኣውቲስታ ብዘይ ጸገም ኣብ እቲ መጸበዪ ኣውትቡስ፡ ትጸበ ከምዘለኻ ክርየካ ይኽእል። ካልኦት ናይ ጽርግያ ተጠቀምቲ'ውን ብዝበለጸ ካብን ናብን መጸበዪ ኣውቶብስ ክትንቀሳቐስ ከሎኻ ክርእኻ ይኽእሉ።

- ንድሕነት ምኽንያታት ኣብ ምንቅስቃስ ዘለዋ ወይ ድሮ ዝተበገሳ ነቲ ገያሻይ ከኣቱ ወይ ክወርድ ኣይፈቅዳሉን እየን።.

- ብዙሓት ኣውትቡሳት ኣብ እቲ መጸበየ ኣውተቡስ ብሓንሳብ ደው ምስዝብላ እታ ካልኣይቲ ኣውቶቡስ ንቅድሚት ከይዳ ከምንደገና ደው ክትብል ኣይትክእልን እያ። እታ ሳልሰይቲ ከሙ'ውን እተን ዝቐጽላ ኣውቶቡሳት ብካልእ ሽነኽ ደው ይብላ።

- እታ ኣውቶቡስ ኣብ እቲ ናይ መውዳታ ምስበጸሐት እቶም ገያሾ ቅድሚ ምስቃሎም ክጽበዩ ኣለዎም። ምኽንያቱ እዚኣ ግዜ እያ ናይቲ መራሒ ኣውቶቡስ ሓጻር ናይ ዕረፍቲ ግዜኡ።

- እታ ኣውትቡስ ነቲ ኣገዳሲ መንገዲ ከተመልክት ቅድሚ ምብጋሳ ዘሎ ገለ ደቓይቕ ምልክት ትቅየር። ከምው'ጻኢቱ ኣብቲ መንቀሊ ጻዕቂ ትራፊክ (Ej i trafik) የሎን ትብል።

- እቲ ናይ መሰጋገሪ ግዜ ናይ ትኬትካ ኣውትቡስ ወይ ባቡር ክትቅይር ኮነ ንኽትምለስ የኽእለካ።

# ምውራድ



# ኣብ ባቡር

ብባቡር ትጓዓዝ ኣንተሊኻ ነቲ ትወርደሉ ፈርማታ ብግቡእ ክትከታተሎ ኣለካ። እታ ባቡር ኣብ ኩሉ ፈርማታ ኣቶማትካሊ ደው ትብል።

# ኣብ ኣውቶቡስ

ብ ኣውቶቡስ ኣብ ትጓዓዘሉ እዋን ብንጹር ብዓይኒ ክርአ ዝኽእል ”STOP” ዝብል መጠወቒ ኣሎ። እቲ መጠወቒ ኣብ ጸግዒ ተንጠልጢሉ ወይ በሎፎን ናይ ኣውቶቡስ ይርከብ። ብምጥቃቕካ ነቲ ኣውትስታ ኣብ ዝቕጽል ፈርማታ ክትወርድ ከምዝደለካ ትሕብሮ ኣለኻ ማለት እዩ።

ሓንሳብ ነቲ መጠውቂ ምስ ተውቕካዮ ብኽብረትካ ነቲ ናይ ደው በል ዝብል ምልክት ”STANNAR” ፈትሾ። ኣበይን መኣስን ክምትወርድ ርግጸኛ ምስዘይትኸውን ብኽብረትካ ንሓገዝ ንመራሒ መኪና ተወከሶ።

በቲ ንመውርዲ ዝተዳለወ ማዕጾ ብምውራድ ነቶም ክስቀሉ ዝደልዩ ዕድል ክትህቦም ይካኣል እዩ። በቲ ናይ ቅድሚት እውን ክትወርድ ይካኣል እዩ፡ ግን ብፍቓድ መራሒ መኪና ክኸወን ኣለዎ።

# ዝያዳ ቁሩብ ግዜ ምስትደሊ

ኣብ ኣውቶቡሳትና ካልኦት ኣገባባት ደው መበሊ መጠቀቒታት`ውን ኣለዉና። እዝኣቶም ድማ ቀጠልያ ወይ ሰመያዊ ሕብሪ ኣለዎም ምልክታት ዓይኒ፡ ዓረብያ ህጻናት፡ ዓረብያ ስንኩላን ወይ ሰብ ምስ በትሩ ዘለዎም እዮም። ኩሎም ከኣ ሓደ ዓይነት ኣገልግሎት ኣለዎም። ክትወርድ ምስትደሊ ካብዚኣቶም ሓደ ብምጥቃም ነቲ ኣውቲስታ ከምዝከታተለካ ክትገብር ትኽኣል ኢኻ።

# ክትፈልጦ ጽቡቕ ዝኾነ

## ኣውቶ ጂሮ

ብተደጋጋሚ ተጓዓዝይ እንተኾንካ ናይ ተጓዓዝቲ ካርድ (Resekortet) ክትገዝእ ጠቓሚ ኣዩ። ኣውቶ ጂሮ ነቲ ጉዑዞ ሑሱርን ከምኡወን ብተውሳኺ ክትከፍሎ ዝቀለለ ይገብሮ። ንናይ መጀመርታ 10 ኣዋርሕ ወርሓዊ ትኸፍል፡ እተን ናይ መጠረሻ ክልተ ኣዋርሕ ድማ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ትኣቱ። እቲ ዝይዳ ዝደልየካ ነታ ወርሒ ክልተ ማዓልቲ ክተርፋ ከሎ ኣብ ሕሳብካ ገንዘብ ምህላው ጥራሕ ኣዩ።

ከም ተጓዓዛይ ናይ ባቡሩ ብዛዕባ መሰልካ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል፡ኣውቶ ጂሮ ን እኹላት ናይ ነዊሕ ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ከምኡወን ናይ ዘባ ካርድታት እንተዘይኮኑ ንማእከሎትን መንእስያትን ኣይክውንን እዩ። ኣቲ ካርድ ካበይናይ ወርሒ ክጅምር ከምዘለዎ ንስኻ ባዕልኻ ክትመርጽ ኣለካ። ናይ ጉዑዞ ግዜ ኩሉ ግዜ ኣብ መጀመርታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ እዩ ዝኸውን። ነቲ ኣቐዲምካ ዝተወዓዓልካዮ ኣብ ዝደላኻዮ ኣዋን ክትስረዞ ይከኣል እዩ።

ናይ ዝጠፍአ ካርድ ውሕስነት ኣብኡ እቱው እዩ፡ እዚ ማለት ካርድኻ ምስዝጠፍእ ንዕዑ ብምዕጻው ሓድሽ ካርድ ክምትቅብል ንገብር። ተውሳኺ ትሕተቶ ክፍሊት የለን። ናይ ነዊሕ እዋን ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ካርድ ብ ኣውቶ ጂሮ ምዝኽፈል ኣብ ገጻተይ (Mina Sidor) ኣይምዝገብን እዩ።

ናይ ኣውቶ ጂሮ ቅጥዒ ኣብ VL's ማእከል ዓማዊል ወይ ካብ ወብሳይትና ኣብ vl.se ክነውርዶ ንኽእል። ጉዕዞኻ ክትቅጽል እንተደሊኻ ትእዛዝካ ቅድሚ ክንጓዓዝ ክንጅምር ምድልይና ድሕሪዕለት 15 ናይታ ወርሒ ክኸወን ከምዘይብሉ ዘከር።

## ደረት ግዜን ኩነታት ዕድግን ጉዕዞን

ደረት ግዜያትን ኩነታት ናይ ዕድግን ጉዕዞን ነቲ ኣሞንጎ VLን ዓማዊልናን ክልዓል ንዝኽል ጸገማት ዝቆጻጸር እዩ። ነቶም ብኣውቶቡሳትን ባቡራትን ኣብ ውሽጢ ዞባ ቫስትማንላንድ ክሙኡውን ኣብ ከባቢታት ኣቲ ዞባ ክጓዓዙ ዝደልዩ ተጓዓዝቲ ይምልከት። እዚኦም ድማ ብዝተዓደሉ ቲኬታት ዝስርሑ ወይ VL ዘረጋገጾን ይካየድ። ነቲ ኩነታት ድማ ብሙሉኡ ኣብ vl.se ክንረኽቦ ንኽእል።

## ውሕስነት ጉዕዞ

ምላልባት ገለ ነገር እንተዘይኣጋጢሙ ብመንገድና ኣብ ትጓዓዝሉ እዋን ብውሕሱን ጸጥታ ዘሎዎ ከምነጓዕዝካ ርገጸኛ ክትከወን ንድለየካ ። ግን ነገራት ሃንሳብ ሓንሳብ ጌጋ ይኽዱ እዮም። ኣብነት መኪና ምስትባለሾ ወይ መራሒ መኪና ምስዝሓም። ኣዚኻ ምስትጽሎ እቲ ቁኑዕ ዝኾነ ስጉምቲ ንምግባር ንደሊ ኢና። ከምኡ ስለዝኾነ ኢና ክኣ ውሕስነት ጉዑዞ ንገብር። ነቲ በራሪ ወረቐት ናይ ውሕስነት ጉዑዞ ድማ ካብ እቶም ዝተፈቕደሎም ሕጋውያን ወኪላትና ካብ VL ወይ ማእከል ዓሚል VL ክንረክብ ንኽእል ወይ ካብ ወብስይት ብ vl.se ክነውርዶ ንክእል።

ድሕሪ እቲ ሓደጋ ምግጣሙ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ብምምልካት ካሕስና ክንረክብ ንኽእል።

**ከም ተጓዓዛይ ናይ ባቡሩ ብዛዕባ መሰልካ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል፡**

→ http://europa.eu/youreurope/citizens/travel/passenger-rights/index_sv.htm

**!** እዚ መምርሒ ንናይ ፐርንቲን ጌጋታት ኮነ ምትዕርራያትምእዙዝ ኮይኑ ዝተዳለወ እዩ

# ንኸነመሓይሽ ሓገዘና

ሓሳብካ ነኽብር ኢና! ስለዚ ብኽብረትካ ብመንገዲ vl.se ወይ ብናህና VL ማእክል ዓሚል ርኸበና። ሓሳብካ ክትህበሎም ትኽእል ፖስትካርድታት ኣብ ማእከል ዓሚልና ኣለዉኻ። ናብኡ ኣረክቦም ወይ ድማ ናባና ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ስደዶም። ንሳቶም ብሽወደንን ኢንግሊዝን ጥራሕ እዮም ዘለዉ።




ናብ VL ማእክል ዓሚል ብ 0771-224000 ደውል ወይ vl.se

Version 1 - Tigrinja